# ንጹር መትከል - ውፉይ ጻዕሪ

## ንዞባዊ ሰላምን ርግኣትን

“ኤርትራ ደጋፊት ሓደ ወገን ወይ ካልእ ኣይኮነትን፡ ኤርትራ ኩሉ ሳዕ ደጋፊት ሓቂ እያ።” ሱዳናዊ ጀነራል ፍትሒ ዘድምጽ ተባዕን ቅኑዕን መርገጺ፡ ብማንም ዘይምእዘዝ ናጻ ፖለቲካዊ ሕርያ፡ ሕላገት መንግስቲ ኤርትራ'ዩ። መርገጺ ኤርትራ፡ ካብ ሓቀኛ ባህጊ ርግኣትን ዕብየትን ዝነቅል፡ ጥዑይን ምዕሩይን ዝምድና ህዝብታት ዘማዕዱ፡ ንጹር ፍኖተ-ካርታ ሰላምን ዕብየትን ክንሱ ግዳ፡ ምስ ግሎባዊ ሕሳባት ዓበይቲ ሓይልታት ተኣሳሲሩ፡ ገለ ወገናት እዚ ቅንዕና ዝሰረቱ መርገጺ ክምእምኦም ኣይጸንሐን። የግዳስ ሓቂን ብርሃን ወጋሕታን እናደመቐ'ዩ ዝኸይድ። ሎሚ ሎሚ፡ ቅኑዕነት መርገጺ ኤርትራ፡ ሰፊሕ ልቦና መሪሕነታን ኣገዳሲ ግደኣ ኣብዚ ዞባን፡ ኣብ ቅድሚ ኩሎም ህዝብታት ዞባናን ዓለምን ከም ጸሓይ ቀትሪ ደሚቑ፡ ብብዙሓት እንተላይ በቶም ክዓብጥዎ ዝሃለኹ ወገናት እናተመስከረሉ ይመጽእ ኣሎ። ከም ውጽኢቱ፡ ኤርትራ፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ክልተ ዕቑድ ካብ ዲፕሎማሲያዊ ዓንኬላት ንምንጻላ ዝተኻየደ እልቢ ዘይብሉ ናይ ምስይጣን ዘመተ ፈንጢሳ ብምውጻእ፡ ማእከል ስሕበት ዞባዊ ሰላምን ርግኣትን ምኳና ይግሃድ ኣሎ።

ምስቲ ብደረጃ ዞባን ዓለምን እናሓየለ ዝመጽእ ዘሎ ሰላምን ጸጥታን፡ ፍትሒን ማዕርነትን ዝጠልብ ባህጊ ህዝብታት ተደሚሩ ድማ፡ ቅኑዕን ሰጓሚን መርገጺ ኤርትራ፡ ጽልዋኡ እናሰፍሐ ክኸይድ ምኳኑ ርጉጽ እዩ። ዓመተ 2023 መንግስቲ ኤርትራ፡ ብደረጃ ዞባ፡ ኣህጉርን ዓለምን ዓበይቲ ዲፕሎማሲያዊ ርክባት ዝፈጸመላ ዓመት እያ ነይራ። ኣብዚ ሓድሽ ዓመት እውን ብተመሳሳሊ ንጡፍ ዲፕሎማሲያዊ ጽምዶ ኤርትራ ቀጺሉ ኣሎ። ሃገራዊ ቻርተር ኤርትራ ብንጹር ኣስፊሩዎ ከምዘሎ፡ ራእይ ህዝቢን መንግስቲን ኤርትራ፡ ሰላምን ፍትሒን ዝሰፈና ሃገር ልምዓትን ቀጻሊ ዕብየትን ምህናጽ እዩ። እዚ ዘቤታዊ ራእይ'ዚ ክሰምር፡ ውሽጣዊ ርግኣት ንበይኑ ኣኻሊ ኣይኮነን። ህላወ ሰላማዊን ርጉእን ተመላላእን ጎደቦ ወሳኒ ምኳኑ ጽኑዕ እምነት ህዝቢን መንግስቲን ኤርትራ'ዩ። ካብዚ መትከላዊ እምነት'ዚ ብምብጋስ፡ ህዝቢ ኤርትራ ዋላ'ኳ ኣብዚ ቅልውላዋት ዝዓብለሎ ዞባ፡ ስኒቱ ሓድነቱን ርግኣቱን ዓቂቡ፡ሰላሙን ልኡላውነቱን ብዘተኣማምን መገዲ ከውሕስ ዝኸኣለ ህዝቢ እንተኾነ፡ ጎደቦኡ ብምሉኡ ቅሳነት ረኺቡ፡ ልቡ ኣውዲቑ፡ ናብ ልምዓትን ምትሕብባርን ሽርክነትን ከቕንዕ ልዑል ባህጊ ኣለዎ።

ክንዲ ዝኾነ፡ መንግስቲ ኤርትራ ሰላምን ጸጥታን ቀርኒ ኣፍሪቃ ኮነ ዞባ ቀይሕ ባሕሪ ብዘላቕነት ከውሕስ ዝኽእል ርእይቶኡን መትከላቱን ኣነጺሩ ብምግላጽ፡ ዓቕሚ ዝሓጽረን ሃገራት ከባቢና፡ ሰላምን ጸጥታን ንምውሓስ መበገሲ ዝኸውን ትካላት ክሃንጻ ብድሩት ዓቕሙ እናተሓጋገዘ፡ ኣብ መንጎ ህዝብታት'ዚ ዞባ፡ ባህላዊን ቁጠባዊን ምትእስሳር ዘደልድል፡ ሕውነት፡ ማዕርነትን ምትሕብባርን ዘማዕብል፡ ሓባራዊ ቁጠባዊ ምዕባለን ሽርክነትን ዘደንፍዕ ባይታ ንምፍጣር፡ ብሃናጺ ጽምዶን ብግብርን ውፉይ ጻዕሪ ከካይድ ጸኒሑ ኣሎ።

መንግስታት ዞባና፡ ካብ ጸቢብን ከፋፋልን ትሕተ-ሃገራዊ ፖለቲካ፡ ካብ ህውተታን ዕሽላዊ ቅማረን ወጺኦም፡ ግዳማዊ ኣምልኾን ሓድሕዳዊ ትንኰላን ሓራም ኢሎም፡ ንምርግጋጽ ዞባዊ ሰላም፡ ጸጥታን ምዕባለን ብናይ ሓባር መረዳእታ ኪጸምዱ፡ ዞባዊ ጸጋታት ተመላሊኡ ዝሰርሓሉ መካኒዝም ክፈጥሩ ከኣ ብቐጻሊ ድርኺት ኣብ ምግባር ይርከብ። እዚ ቅንዕናን ሓልዮት ህዝብታትን ዝምንጩ መርገጺ፡ እቲ እንኮ መገዲ ሰላምን ዕብየትን እዩ!

ቦርድ ክፍሊ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ

17 ጥሪ 2024 -